# ካብ ሶዶም ንጎሞራ

ካብ ሶዶም ንጎሞራ፡ ክንደይ’ዩ ርሕቀትኪ ኤርትራ
ኣበይ‘ዩ ሽላኺ ኣብቲ ናይ ግሃነም ስፍራ
ዓሻክርኪ ወርወርቲ ጭማራ
ተሓንገጥቲ ሴፍ፡ ተኹልኩልቲ ኻራ
ትማሊ’ዶ ኣይነበሩን እቶም ጨቆንቲ „ኣምሓራ“
ካሮኦም ዝጎደመት ክሳድኪ ሓርሒራ
በየን‘ድኣ ኣተዉ ሕጂ‘ኸ እዞም ህንጡያት ጭፍራ
ካብ ውሻጠኺ ፈልኽ ኢሎም እንቋቑሖ ኮብራ
ኣትማን ዝናኸሱ፡ እንዳፈለዩ ኣንቆራ
መርዞም ከም ቻርኖቢል ትለክፍ ኣሕቢራ
ክንደይ ህያው ይሔው ዘይበለት ንዕኦም ዘኪራ
ሬሳታት ደቂ ሃገር ምስ ተሰንደወ ንኣሞራ
ዒራዒሮ‘ኳ ኣይትስመን‘ያ እምብዛ ዓርዒራ
ማይ ሓባር‘ውን ኣላ፡ ነዊሕ ዝነገራ
ሰሚዕኩም‘ዶ ናይ ዓዲ ኣበይቶ‘ኸ እዛ ቀረባ ነኣስመራ
ክምህ ከይበለት ደም ኣንጢራ
ትንፋስ ምስተዓብጠት ብኢደ ወፈራ
ወዲ ሰብ‘ዶ‘ታ ክንድዚ ይጭክን‘ዩ ኣብ „ነጻ“ ኤርትራ
ኣነ‘ድየ ዓሽየ እታ ርእሰይ ሰኺራ
ነሕዋቶም ዝሰርሑሎም ትሕቲ ምድሪ ስፍራ
እንታይ ኰይኖም‘ዮም ንሂወት ዝምንቀሱዋ ካብ ሱራ
ሓንሳብ ብሕጓ እንዳኣተዉ፡ ሓንሳብ ብገበላ
መንዩ’ሞ ካብኣቶም ዝሕባእ ኣብ ዘኽታም ኤርትራ
ከቶ የለን ዑቑባ ዝረክብ ኣብ ሕልፍኚ፡ ኣብ ቡኹራ
ብጸሎት እኳ ዘይግትኡ ብምህለላ
እነዉ ንእከይ ተመሪያማ ብወርቂ ጽሩራ
ደንሃግ’ድኣ ድርግም ኢላ ኣትያቶም እምበር ኣብታ ጓይላ
ዋሕስ ትኸሉ እንዳበለት ወጠጠቶም ብማሓላ
እንተ ንስኺ’ሞ ተገዚምኪ ጓሂ፡ ተሰለምኪ ኹራ
ዝፈልጡኹ’ስ ይብሉኒ’ዮም ዓቢራ፡ ቆንጺባ፡ ማዳ ጌራ
ናይ ሕጂ’ድያ እታ ማዳኺ፡ ካብ ሜዳ ጀሚራ
ከብዳ ሓምሊ መሊኣቶ ዝባና ቆሪራ
ቀንፈዞ ኢላ ትጽበ’ላ ንኽትወጽእ ሓራ
ንመልኣከ ሞት ኣሽኪዓ መንገዳ ቐይራ

በሊ ፋልና ይጸብቕ ኣምሳዩኡ
ኣምላኽ ይሓልወኪ ካብ ቀጽሩ ወጺኡ
ስቓይ ህዝብና ይርኣዮ ኣብ ዓለም መጺኡ
ጒዳይና ይሓዞ ኣጥቢቑ፡ ኣጽኒዑ
ህዝብና ንሰማይ ምድርን ይጠርዕ ኣሎ ጸዊዑ
ዕዮ እንተበዝሖ‘ኽኣ የዕይዮ ሰብ ውዕለት ኢሉ ንዑ
ቀልጢፉ ይርዳኣና፡ ይከኣሎ’ዩ ንዑኡ
መሳኹቱ ይኽፈት፡ የርሑ መዓጹኡ
ኣውያት ህዝብና ይስማዓዮ ብኣግኡ
ኣሸንኳይ‘ዶ እዚ ናትናስ ማይ ኣይሂ‘ኳ ኣህዲኡ
ንዓና‘ኽኣ ኣምላኽ ይበለና ንፍዑ

**እጃምና ከነልዕል ልብና ቐኒዑ**
**ካብ ድቃስና ክንትስእ ነጋሪት ተወቒዑ**
**ሓሸውየ ተቓውሞ ንሓዋሩ ኣብቂዑ**
**ርትዓውነት ክንርኢ ቦቑሉ ጨልጊዑ**
**ዘራእቲ ተስፋና ክፈሪ ጠጢዑ**
**ከይብሃል ሓርኢ እኽሊ በዚሕዎ፡ ቆሊዑ**
**ዝተረፈ ሃጉጉ ተጠልቂዑ**
**ከም ኵቦ ዝድርበ ንጓህሪ መፍትኡ**
**ከይንብሃል ኣብ ኣፉን ዕርበቱን ታሪኽኩም ኣብቂዑ**

**ሰለሙን ይከኣሎ**
**ነሓሰ 2017**
sykealo@yahoo.de